# ኣምላኽ ክጽሊ ሰሚዔዮ

ምስ ቀረበ ድማ፡ የሱስ፥ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ።(ሉቃስ. 18፡40-41)

ካብቲ ሓደ ትርጉማት ጸሎት ‘ ድልየትንካ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምቕራብ ‘ እዩ። ኣምላኽ ኣብ ሞንጎ እተዘያትዩስ ንስኻ ብዓቕሚ ገንዘብ፤ ጊዜን ክእለትን ክትፍጽሞም ዘይትኽእል ጉዳያት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሒዝካ ምምጻእ ጸሎት ይብሃል። ከምዚ ዝስዕብ ተርእዮ (scenario) ክፈጥር ዕድል ሃቡኒ። ኣብ ቤተ መንግስቲ ክትኣቱ እንተዝፍቀደካ እሞ ድማ ንንጉስ ክትረኽቦ ዕድል ተዋሂቡካ ግና እቲ ንጉስ ካብቲ ዘለዎ ጻዕቂ ኣኼባታት ካብ 3 ደቒቓታት ንላዕሊ ክህልወካ ከምዘይክእል ተነጊሩካ እታ እተቕርባ ድሌት ድማ ሓንቲ ጥራይ ከምዝኾነት ተሓቢሩካ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ደው ኢልካ ኣሎኻ ንበል። እቲ ንጉስ ቅርብ ኢሉ “ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ” ኢሉ እንተ ዝሓተካስ እንታይኢልካ ኮን  ምሓተትካ?

እዚ ኩነታት እያ ንበርጠሜዎስ ገጢማቶ። የሱስ በቲ ንሱ ኮፍ ኢልዎ ዘሎ ጎደና ክሓልፍ ሰሚዕዎ ስለ ዘይፈልጥ እሞ ድማ ንነዊሕ ዓመታት እተጸበያ ዕድል ኮይና ተመሊሱ ከም ዘይረኻባ ድማ ስለ ዝፈለጠ እዩ ሰባት ዝበሉ ይበሉ ኢሉ ድምጹ ዓው ኣቢሉ “ ወዲ ዳዊት ምሓረኒ “ ኢሉ ዝጨደረ። እዚኣ ወርቃዊት ኣጋጣሚ (golden opportunity) ትብሃል። መቐይሮ ነጥቢ ህይወትን ናብራን እዚ ዕዉር ሰብኣይ እትቕይር ነበረት። ይኹን እምበር ነታ ዕድል ብግቡእ ኣንተዘይ ድማ ተጠቒሙላ ኦሮማይ!

ንዕዉር እንታይ ትደሊ ኢልካዮስ ምላሹ ፍልጥእያ። “ ክርኢ” ። ኣብ ጎደና ኮፍ ኢሉ ንዝልምን “ እንታይ ኢኻ እትደሊ ኢልካ ምሕታት ዕሽነት እዩ። ይኹን እምበር ጎይታ የሱስ ነዚ ዘይፈለጠ ኮይኑ “ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ“ ዝሓተቶ።  ድሌት ውሽጢ በርጠሜዎስ ክሰምዕ ነይርዎ። ካብ ምርኣይ ዝተፈልየ ድልየት እንተለዎኸ? በርጠሜዎስ እንተ ዘይተዛሪብዎስ ጎይታ የሱስ ዘድልዮ እናፈለጠ ክነሱ ዘየድልዮ ከይህቦ ይመስለኒ ከምኡ ኢሉ ዝሓተቶ።

ሓቂ ዛንታ ክነግረኩም! ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣብ ዝነብረሉ ሃገር ኣብ ወንበር ኣካለ ስንኩላን እጥቕመጥ መንእሰይ ገለ ግዱሳት ሰባት ድሌታ ከይፈለጡ ሒዞማ ኣብ ሓደ ጉባኤ ንኽትፍወስ ሒዞማ ይመጹ’ሞ እቲ ኣገልጋሊ እንተተጸለየላ ብዙሕ ዘይትግደስ! ድልየታ ኣብ ክልተ ተመቒሉ። ክትፍወስ ትደሊ ከይትፍወስ ድማ ትደሊ። እቲ ከትፈወስ ዘይደለየትሉ ምኽንያት ብንእስነታ እዚ ምስንካል ስለዘጋጠማ ካብ መንግስቲ እታ ሃገር እትረኽቦ ረብሓታት ማእለያ የብሉን። እተዋህባ መንበሪ ገዛ ፍሉይ፤ ብኹሉ ዝሓልዩን ዝኣልዩን ፍሉያት ሰብ ሞያ ተኸቢባ ፤ መጉዓዝያ ከይትሓሊ ኤሌክትሮኒክ መኾፈሊ፤ ንምግባ ክዳና ዘድልያ ዝብሃል ሓንቲ ከይጎድላ ውሑስ ወርሓዊ እቶት ኣብ ሕሳብ ባንክ በብወርሑ ትረክብ። ናብ ቤቶም ክፈነዉ ኸለዉ ነቶም መቕርባኣ “ድሌት ልበይሲ እዚ ረብሓታት ከይስእኖ እፈርህ’የ ስለዚ ከምኡ ድኣ ይኹን ኢላቶም። ኣስተንእኪሩኩም ኣሎ! እዚ ዓይነት ሕልና ስለዝነበራ ከምታ ዝመጸታ ተመሊሳ። ድሌት በጠሜዎስከ እንታይ ይፍለጥ! ንኽፍለጥ ነቲ ዝደልዮ ክብሎ ነይርዎ።

ወርትግ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክንቀርብ ከሎና ከምዚ ዓይነት ተርእዮ እዩ ዝፍጠር። ድሌታትና እኳ ኣይውዳእን እዩ። ተመሊስና ዘይንርእዮ መቓብር ከይተረፈ እውን ንመረጽ ኢና። ኣብ ቅድሚ እቲ ኩሉ ዝኽእል መጺና ኩሉ ክንሓትት መሰል ተሂቡና ክንሱስ ግናኸ ኩሉ ዘይኮነስ *ሓንቲ-መርሖ-ንብዙሕ* ግድላት እትፈትሕ ክንሐትት “ መንፈስ ጥበብ “ ክውሃበና *ክንጽሊ ንጸሊ!*